## መኣኺስርዓት ህግዲፍ ኣብ ምቕይያር ላዕለዎት

## ኣዘዝቲ ሰራዊትን ኣመሓደርቲ ዞባታትን!

ኣብ’ዚ ዝሓለፈ ሰሙን መኣኺስርዓት ህግዲፍ ምቅይያራት ላዕለዎት ሓለፍቲ ሰራዊትን፡ ኣማሓደርቲ ዞባታትት ገይሩ ከምዘሎ ይሕበር። እዚ ሓድሽ ምቅይያራት ላዕለዎት መራሕቲ ከኣ ምስ’ቲ ኣብ ሃገርና ዝኸይድ ዘሎ ዘይፍትሓዊ ምሕደራን፡ ኣብ ከባቢና ዝኸይድ ዘሎ ዘይርጉእ ኩንታት፡ ህዝባዊ ተቓውሞ ከይለዓል ዘንቀሎ ስግኣታት ሓደ ሸነኽ ክኸውን እንከሎ፡ ሰላም ተረኺቡ’ዩ እንዳበለ ዘካይዶ ፕሮፓጋንዳዊ ምድንጋራት፡ ህዝቢ ቀሲኑ ከይነብር ስልጣኑ ንምክልኻል፡ ኣብ ምቅርራብ ኲናት ከምዘሎ ንምምሳልን ክልተ ማንታ ሓሳብ በቲ ካልኣይ ሸነኽ ዝግለጽ፡ ነቶም ትእዛዝ ተዋሂብዎም ብዘይሕቶን ርእይቶን፡ ብዘይተቃውሞ ይፍጽሙዮም ዝበሎም ኣብ ኣገደስቲ ቦታታት ከምዝመደቦም ይንገር።

ፍትሒ ይንገስ
ምልኪ ይፍረስ

ዜናን ሓበሬታን ውሓዲለ
29 ጥሪ 2020